ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

دولة إرتريا
وزارة الشؤون الخارجية

**The State of Eritrea**
Ministry of Foreign Affairs

# ጋዜጣዊ መግለጺ

ኤርትራ፡ ንዘይሕጋዊ ተግባራት ኣመሪካ ትኹንን ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ዘይቅቡል ክሲታቱ ኣንጻር ኤርትራ ብምቕጻል፡ ኣብ ልዕሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ናይ እገዳ ስጉምቲታት ከምዝወሰነ ኣፍሊጡ ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ነዚ መሰረት ዘይብሉ ጠቐነን ምጉጣጥን ብቓልን መንፈስን ነጺጉ ይኹንኖ። ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ኣንጻር ኤርትራ ከምዚ ዝበለ ጠቐነ ክካየድ ሓድሽ ኣይኮነን። ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ፡ ቅድሚ ሕጂ፡ ብ13 መጋቢት 2021 ንጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ "ንዝንቡዕን ዘይተጨበጠን ናይ ሚድያ ጸብጻባት መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መደምደምታታት ምብጻሕ ዘሕዝን እዩ። ኣብ ደብዳበኻ ንዝሓለፈ 30 ዓመት ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ኣመሪካ፡ ኣንጻር ኤርትራ ሒዞሞ ዝጸንሑ ፖሊሲታት ቃናኡ ዘይምልዋጡ፡ ከምዘርመመኒ እናገለጽኩ፡ ኣብ ዝርዝራት ከይኣተኹ፡ ምስ ግዜ ክፍወስ ዘለኒ ተስፋ ክገልጽ እደሊ" ክብል ገሊጹሉ ነይሩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ጠቐነታት ክደጋገምን ትም ኢሉ ክሕለፍን ስለዘይግባእ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ሓቂን ጭብጢን እንተልዩዎ፡ ጭብጢታቱ ናብ ናጻ ፈረድቲ ኣካላት ኣቕሪቡ፡ ክሲ ክምስርትን ክምጉትን ይዕድም። መንግስቲ ኤርትራ ንባይቶ ጸጥታ'ውን ነዚ ዝደጋገም ዘሎ ግህሰትን ዘይግቡእ ርግጸት ኣህጉራዊ ሕጊን ልኡላውነት ሃገራትን ህዝቢታትን ክዓግቶን ደው ከብሎን ይጽውዕ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ኣስመራ 23 ነሓሰ 2021